TIGRINYA

# መመልከቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ

ናይ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ ንምግባር ነዚ ዝስዕብ ሊንክ ተኸተሉ
gov.uk/apply-for-primary-school-place

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እንተ ዘይሰርሐ፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ፈትኑ gov.uk/find-local-council ነዛ መራኸቢት ምስ ከፈትኩም ፖስትኮድ ኣእትዉ፣ ኣብ ውሽጢ ናይ ቤት ምኽሪኹም (ካውንሰል) መርበብ ሓበሬታ “ናይ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ” (School Application) ወይ ድማ “ናይዚ ዓመት ናይ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ” (In-year School Application) ኢልኩም ፈትሹ።

ግዜ ናይ ምልክታታት ኣብ ጥሪ እዩ፣ ቦታ ናይ ቤት-ትምህርቲ ተዋሂቡካን ኣይተዋህበካን ትፈልጡሉ እዋን ከኣ ኣብ ሚያዝያ እዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ዕለታት እንተደኣ ዘየርከብኩምሉ ኣብ “ናይዚ ዓመት ናይ ቤት-ትምህርቲ ምልክታ” (In-year School Application) ክትጥቀሙ ይግባእ።

| ደረጃ ትምህርቲ | ዝጅምሩሉ ዕድመ |
|---|---|
| መውዓሊ ቆልዑ | 2 ዓመት |
| ቅበላ ናብ ቤት-ትምህርቲ (ሪሰፕሽን) | 4-5 ዓመት |
| መባእታ (1ይ-6ይ ክፍሊ) | 5 ዓመት |
| ካልኣይ ደረጃ (7ይ-11 ክፍሊ) | 11 ዓመት |

### ናይ ለንደን ምምሕዳር ወረዳ ካርታ




ምልክታ ንክትገብሩ ዝኾነ ሓገዝ እንተደሊኹም- ንኣብ ሆቴልኩም ዘለዉ ተቖበልቲ ኣጋይሽ (ሪሰፕሽን) ወይ ድማ ንሃፒ ቤይቢ ግሩፕ ምሕታት ይከኣል ካብ ሃፒ ቤይቢ ግሩፕ ሓገዝ ንምሕታት ሓንቲ ካብዘን ዝስዕባ ምጥቃም ይከኣል፡ ነዛ ሊንክ happybaby-community.org.uk ብምኽፋት ወይ ናብ ቁጽሪ ቴለፎን፣ 07394609388 ብምድዋል።

- ክትመልእዎ ዝግበኣኩም ፎርም፥ ኮሞን ኣሰስመንት ፎርም (Common Assessment Form-CAF)፣ ነዚ ንምምላእ “ፓረንታል ፖርታል” (Parental Portal) ተጠቀሙ። ተመልክትሉ ዘለኹም እዋን ነቲ ሽዑ ዘሎ ኣካዳሚያዊ ዓመት ማለት ድሕሪ ትምህርቲ ምጅማሩ እንተ ኮይኑ፣ ኣብ ገለ ምምሕዳር ወረዳታት ናብቲ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ዝምልከቶም ኣካል ነቲ ፎርም ባዕሎም ይመልእዎ፣ ቅድሚ ኹሉ ግን ነቲ ናይ ካውንሰል መርበብ ሓበሬታ ፈትኑ።
- ንምምልካት ዘድልዩ ዶኩመንት
  - ክልተ እዋናዊ ኣድራሻ ዘረጋግጹ ሰነድ
  - ናይ ቆልዓ ትውልዲ ምስክር ወረቐት፣ ኤን.ኤች.ኤስ (NHS) ካርድ፣ ወይ ውን ዝኾነ ናይ ሕክምና (ጂፒ) ደብዳቤ ዕድመ ናይ ቆልዓ ብልክዕ ዝነግር

HAPPY BABY COMMUNITY